ቤትኤል ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራውያን ኣብ ኤድመንቶን
BETHEL ERITREAN EVANGELICAL CHURCH IN EDMONTON

# ሓበሬታ ንሓደስቲ ኣሕዋትን ቤተሰብን

**ብኽፍሊ ማሕበራውን መንግስታውን ጉዳያት ናይ 'ቤትኤል ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራውያን ኣብ ኤድመንተን' እተዳለወ**

**2025**


**6740 – 121 Avenue NW Edmonton AB, T5B 0Y6**

**Email፡-** bethelchurch@outlook.com / secretary.bethelchurch@outlook.com

**Website፡-** www.eribethel.com / phone # 780-474-0310

# መቕድም

## ቀንዲ ዕላማ እዚ ጽሑፍ

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ : ናብ ቤትኤል ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራውያን ኣብ ኤድመንተን ንዝመጹ ሓደስቲ ኣሕዋት:ኣሓትን: ቤተሰብን ንመንግስታውን ማሕበራውን ዝምልከት ጉዳያት: ብዙሕ ከይተጋይሹ : መሰረታውያን ግናኸ ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ ሓበሬታታት ንክረኽቡ እተዳለወ ጽሑፍ እዩ ።

## ሓበሬታን ለበዋን:

1.እዚ ጽሑፍ እዚ: ብሰናይ ሓልዮትን ድሌትን: ክፍሊ ማሕበራውን መንግስታውን ጉዳያት ናይ ቤትኤል ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራውያን ኣብ ኤድመንተን: ሓበሬታ ንምሃብ እተዳለወ ደኣ'እምበር: ሕጋዊ ጽሑፍ ኣይኮነን ።

2. ኣብ ገለ እዋን ኣብዚ ጽሑፍ ሰፈሩ ዘሎ ሓበሬታ ብሓድሽ መምርሒ ክልወጥ ስለ ዝኽእል: እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ ነቲ ዝምልከቶ ኣካል ምውካስ ዝበለጸ ኣማራጺ እዩ::

3. ፍልይ ዝበለ ሕጋዊ ወይ ከኣ መንግስታዊ ጸገማት ምስ ዘጋጥመኩም:ዓቕምና ብዘፍቅዶ ምእንቲ ክንሕግዘኩም:ረኺብኩም ሽግርኩም ከተካፍሉና ንላቦ::

| | **ኣርእስቲ** | **ገጽ** | **መወከሲ** |
|---|---|---|---|
| 1 | ሓፈሻዊ መእተዊ | 4 | |
| 2 | ክፍልታት ኣገልግሎት ቤት ኤል ቤተክርስትያን | 5 | |
| 3 | ሓበሬታ ዘናታትን መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስን፡ ሰሙናዊ መደባት ማሕበርን | 6 | |
| 2 | መንግስታዊ ወረቀት ፍቃድ (SIN and Health Card) | 7 | |
| 3 | ህጹጽ ረድኤት ምስ እንደሊ (ሕክምና : ሓደጋ : ባርዕ ሓዊ) | 8 | |
| 4 | ባንክ ኣካውንትን ክረዲት ካርድን (Banking and CreditCard) | 9 | |
| 5 | ንሓደስቲ ዝሕግዙ ትካላት (ዝተፈላለየ ሓገዝን ሓበሬታን ብምሃብ) | 10-11 | |
| 6 | ግዝያዊ ናይ መግቢ ሓገዝ ምስ እንደሊ (Food Bank) | 12 | |
| 7 | ዝጎደለና ኣቁሑ ገዛ ብሕሱር ወይ ድማ ብነጻ ዝህቡ ትካላት | 13 | |
| 8 | ብሕሱር ዋጋ ክዳውንትን ኣቑሑን ዝሸጡ ትካላት (Second Hand) | 14 | |
| 9 | ህጹጽ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ምስ እንደሊ (ኣብ ፍሉይ ኩነታት) | 15 | |
| 10 | ሕክምና ዓይኒ (Eye Exam): ሕክምና ስኒ (Dental Services) | 16 | |
| 11 | መጓዓዝያ ብዝምልከት | 17-18 | |
| | ኣውቶብሳትን ባቡርን ታክስን | | |
| | ፍቓድ ምዝዋር መኪና (Driving License) | | |
| | ምዕዳግ መኪና | | |
| 12 | መንግስታዊ ሓግዝ ንቆልዑ (Child Benefit and Education) | 18 | |
| 13 | ስራሕ ንምርካብ ክንገብሮም ዘሎና ነገራት (Job Search) | 19-20 | |
| 14 | ምሽማት ኣስቤዛን ክዳውንትን ኣቁሑን (Shopping) | 21 | |
| 15 | ነጻ ኣገልግሎት ስፖርትን መዘናግዕን ቦታታት (City of Edmonton) | 22 | |
| 16 | ተወሳኺ ሓበሬታ : ዓዲ ምስ ለመድኩም ክትፈልጥዎ ዘለኩም ነገራት | 23 | |

# ሓፈሻዊ መእተዊ

## ኽፍሊ ማሕበራውን መንግስታውን ጉዳያት

መጀመርያኹም ናብ ካናዳ ክትመጹ እንከለኹም ኩሉ ነገር ክሕድሰኩምን ጽልምት ክብለኩምን ልሙድ እዩ:: ግናኸ ኣጀኩም ዓዲ ምስ ለመድኩም ኩሉ ነገር ቀሊል እዩ :: እዚ ኣብዚ ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታ መበገሲ ደኣ እምበር ኩሉ ነገር የጠቓልል ማለት ኣይኮነን::ግናኸ እኹል ሓበሬታ ክትረኽብሉ ትኽእሉ ኢኹም:: ሓደ ነገር ምህላዉ ጥራይ ምፍላጥ እኳንገዛእ ርእሱ ሓበሬታ እዩ::ካብዚ ሓበሬታ ተበጊስኩም ከኣ ሰባት ኣጣይቕኩም ዝበለጸን እዋናውን ሓበሬታ ክትውስኹ ትኽእሉ::

ኣዝዩ መባእታዊ ዝበልናዮ ሓበሬታ ኣብዚ ጽሑፍ ዘይሰፈረ ብዙሕ ክህሉ ይኽእል እዩ:: ንኣብነት ከመይ <u>ጌርካ ቴሌፎን ተውጽእ : ገዛ ትካረ : ኣብ ገዛኻ ኢንተርነት ምህላው : ኣድራሻኻ ከመይ ጌርካ ንሰባት ትህቦም ወይ ከኣ ትሕብሮም ወዘተ</u> : ዝኣመሰሉ ነገራት ብቀሊሉ ንቐረባኹም ዘለዉ ሰባት ብምውካስ ሓበሬታን ሓገዝን ምርካብ ይከኣል እዩ ::

እዚ ዘለናዮ ዘመን ዘመነ-ኢንተርነት ስለ ዝኾነ: ኣብዚ ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታ መብዛሕትኡ ኣብ ኢንተርነት (Internet) ኣቲኻ ዝርከብ እዩ::

ከም ሓፈሻዊ መእተዊ ከኣ : ብዙሓት ንካናዳ ኣጋይሽ ዝኾኑ ዝጋገይወን ነገራት : ክትምሃሩለን ነዘን ዝስዕባ ሓሳባት ከነካፍለኹም:-

- ሕፍረት ወይ ከኣ ስክፍታ ካብ ሰብካ ንድሕሪት ስለ ዝጎተካ ካባና ከነርሕቆ ኣሎና::
- ምንባብ ጽሑፋትን ምስትብሃል ምልክታትን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ:: <u>ኣብዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ከይተረፈ መብዛሕቱ ገጻት ብምልክት (logo) ዝተሰነየ እዩ</u>::
- ዘይትፈልጥዎ ነገር ሕተቱ :: ብግምት ኣይትወስኑ:: ሰባት ኢሎሞ ኢልኩም ኣብ መደምደምታ ኣይትብጽሑ:: ባዕልኻትኩም ኣጻርይዎ::
- ቴሌፎን ምድዋል ኣይትፍርሁ : ካብ ብኣካል እናኸድኩም ትደኽሙ : መጀመርታ ብቴሌፎን ሕተቱ
- **ጉግል (Google) ብብዝሒ ተጠቀምሉ ::** ኣድራሻ: ጎደና : ትካላትን ካልእ ነገራትን ንምርካብ ጉግል (Google) ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ:: ዳርጋ ኣብ ጉግል (Google) ዘየለ ነገር የለን እንተበልና ምግናን ኣይኮነን::




- ንናብራን መንግስታዊ ጉዳያትን ብዝምልከት ካብ ዓቅምኹም ንላዕሊ ዝኾነ ነገራት ምስ ዘጋጥመኩም: ንኽፍሊ ማሕበራውን መንግስታውን ጉዳያት ናይ ቤትኤል ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራውያን ኣብ ኤድመንተን ተወከሱና ።

# ክፍልታት ኣገልግሎት ቤት-ኤል ቤተክርስትያን

ካብዘን ኣብ ታሕቲ ተዘርዚረን ዘለዋ ክፍልታት ኣገልግሎት ቤትኤል-ቤተክርስትያን ዝኾነ ኣገልግሎት እንተደሊኹም ወይ ድማ ኣብ ዝኾነ ክፍሊ ከተገልግሉ ድሌት እንተ ኣለኩም፡ ንፍቑር ጓሳ ማሕበር ሳምሶን ዮሃንስ ደዊልኩም ክትረኽብርዎ ከም እትኽእሉ ንሕብር። (ቑ. ተሌፎን **587-335-8291 / 780-474-0310**)

- **ክፍሊ ትምህርቲ**
- **ክፍሊ ምንቕቃሕ**
- **ክፍሊመዘምራን**
- **ክፍሊ ወንጌል**
- **ክፍሊ ድያቆናት**
- **ክፍሊ ሃለዋት ነፍሳት**
- **ክፍሊ ስድራቤት**
- **ክፍሊ ጸሎት**
- **ክፍሊ ህጻናት**
- **ክፍሊ መንእሰያት - English**
- **ክፍሊ መንእሰያት - ትግርኛ**
- **ክፍሊ ፋይናንስ**
- **ክፍሊ ውሽጣዊ ኦዲተር**
- **ክፍሊ ስፖንሰርሺፕ**
- **ክፍሊ ሜድያ**
- **ክፍሊ ህንጻን መጎዓዝያን**
- **ክፍሊ መንግስታውን ማሕበራውን ጉዳያት**
- **ክፍሊ ምርዳእ ጽጉማት**
- **ክፍሊ ስፖርት**
- **ክፍሊ ደቀ-ኣንስትዮ**
- **ወዘተ**

# ሰሙናዊ መደባት ማሕበር

| መዓልቲ | ስዓታት | መደብ |
|---|---|---|
| ሰኑይ | 07፡00 ድቀ - 09፡00 ድቀ | መደብ ጸሎት (ብጉጅለ ጸሎት) |
| ረቡዕ | 11፡00 ቅቀ - 01፡00 ድቀ<br>06፡30 ድቀ - 09፡00 ድቀ | ጾምን ጸሎትን መላእ ማሕበር ብመንገዲ ዙም<br>መደብ መንእሰያት ትግርኛ |
| ዓርቢ | 07፡00 ድቀ - 09፡00 ድቀ<br>7፡00 ድቀ - 9፡00 ድቀ | ጸሎት መላእ ማሕበር ፡<br>መደብ መንእሰያት ኢንግልሽ |
| ሰንበት | 10፡00 ቅቀ -13፡00 ድቀ | መደብ ኣምልኾ |

ንመንፈሳዊ ኣገልግሎት ዝምልከት ሓበሬታ ምስ እትደልዩ፡ በዚ ዝስዕብ ስልኪ ቁጽርታት ምውካስ ይከኣል፡

| | ክፍሊ ኣገልግሎት | ምሉእ ስም | ቁጽሪ ቴሌፎን |
|---|---|---|---|
| 1 | ጓሳ ማሕበር | ፓ. ሳምሶን ዮሃንስ | 587-335-8291 |
| 2 | ሰክረታሪ ማሕበር | ኣልማዝ ዑቕባይ | 780-860-7296 |
| 3 | ንተወሳኺ ጉስነት | ፓ. ተስፈኣለም በራኺ | 780-901-8921 |
| 4 | ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ (Bible Study) | መምህር ሳግም ብርሃነ | 587-341-2202 |
| 5 | ንወፍሪ ወንጌል ዝምልከት | ወንጌላዊ ብርሃነ ተኽለ | 587-566-7340 |
| 6 | ንሓፈሻዊ ሓበሬታ፡ | ቤት ጽሕፈት | 780-474-0310 |

# መንግስታዊ ወረቀት ፍቃድ (SIN and Health Card)

SIN: Social Insurance Number: ሶሻል ኢንሹራንስ ናምበር (ናይ ስራሕ ፍቓድ ታሴራ) ካብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ኬድና ክነውጽእ ንኽእል።



- Canada Place Building, 9700 Jasper Avenue, Suite 126
- Hermitage Square 12735 50th Street NW
- 16826 107 Ave NW

ነተወሰኺ'ውን ካልእ ጨንፈራት ስለ ለዎም **Service Canada** ጎጉል ጌርኩም ብ ቀረባኹም ዘሎ ክትከዱ ትኽእሉ ።

## Alberta Personal Heath Card: ናይ ሕክምና ኢንሹራንስ ካርድ




ኣብ ከባቢና ካብ ዘሎ ዝኾነ ረጅስትሪ **(Registry)** ኬድና ነዚ ናይ ሕክምና ካርድ ክነውጽእ ንኽእል ኢና ።

ነዚ ክነውጽእ ዘድልዩና ክልተ ነገራት ኣለዉ፡

1. መንበሪ ፍቓድ ናይ ካናዳ፡
2. ኣብ ኤድመንተን ከም ዘሎና ዝሕብር ብስምና እተላእከ ደብዳቤ: ወይ ከኣ ካብ ባንክና ማሕተም ዘለዎ ኣድራሻና ዝገልጽ ጽሑፍ ።

ኣብ ዝኸድናዮ ናይ ሕክምና ትካላት እዛ ካርድ ኣገዳሲት ስለ ዝኾነት ኩሉ ግዜ ምሳና ክንማልኣ ይግባእ ።

# ህጹጽ ረድኤት 'ንሕክምና: ንሓደጋ መኪና: ንባርዕ ሓዊ' ምስ እንደሊ

ኣብ ግዜ ህጹጽ ሓደጋ እታ ቀዳመይቲ ክንወስዳ ዝግበኣና ስጉምቲ ብቁጽሪ ቴሌፎን **911** ምድዋል እዩ ።




**911 ምስ ደወልና ክንገብሮም ዝግብኣና ነገራት**

1. ፖሊስ ኦፐረይተር ብቅልጡፍ ሰለ ዝምልሱ ቀዲምና ስምና: ኣድራሻና: ቀሪብና ክንጽንሕ ፡

2. እታ ቀዳመይቲ ዝሓቱና ሕቶ "ኣምቡላንስ"፧ "ባርዕ ሓዊ (Fire)"፧ "ሓደጋ መኪና(Car Accident)" ፧ ዝብላ ስለ ዝኾና ፡ እቲ ዝደወልናሉ ምኽንያት ብቕልጡፍ ክንሕብሮም፡

3. ብድሕርዚ ስምናን ኣድራሻናን ምስ ወሰዱ፡ ከከም ኣድላይነቱ ብህጹጽ ይመጹና ማለት እዩ።

**መጠንቐቕታን ሓበሬታን**

1.**ክንፍትኖ ኢልና ወይ ብሸለልትነት 911 ንሕና ኮነ ደቅናን ከይንድውል ንጠንቐቕ: መቕጻዕቲ ስለ ዘለዎ!!** ብፍላይ ብጌጋ ደዊልኩም ገዛኹም እንተድኣ መጺኦም ገንዘብ ከኽፍልኹም ተኽእሎ ስለ ዘሎ ።

2.ብሕማም ምኽንያት ኣምቡላንስ ምስ ጸዋዕና ናይ ኣገልግሎት ተባሂሉ ኣስታት **$385.00** ዝኽፈል ኣሎ:: ነዚ ክፍሊት ከኣ ናይ ኣልበርታ ኢንሹራንስ ከም ዘይሸፍኖን ክንፈልጥ ይግባእ ።



ቤትኤል ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራውያን ኣብ ኤድመንቶን
BETHEL ERITREAN EVANGELICAL CHURCH IN EDMONTON

# ባንክ ኣካውንትን ክረዲት ካርድን (Banking and Credit Card)

## ባንክ ኣካውንት (ሕሳብ)

ኣብ ካናዳ ባንክ ኣካውንት ናይ ግድን ኩሉ ሰብ ክውንኦ ዘለዎ ነገር እዩ ። ካብተን ብዙሓት ባንክታት ኣብ ካናዳ ዘለዋ ሓሙሽተ ኣዝየን ዝተፈለጣን ዓበይትን ብምዃነን ዳርጋ ኩሉ ሰብ ምስ እዘን ኣብ ታሕቲ ተዘርዚረን ዘለዋ ባንክታት እዩ ሕሳብ ዝኸፍት።

:




## ክረዲት ካርድ

ክረዲት ካርድ ማለት ካብ ባንክ ዝወጽእ ሕሳብ ኮይኑ እቲ ባንክ ብመልክዕ ልቓሕ ዝህበኩም ካርድ ማለት እዩ :: በብእዋኑ በዚ ካርድ ብምጥቃም ዘድልየኩም ዘበለ ምስ ዓደግኩም ኣብ ውሽጢ ወርሒ ኩሉ ክትከፍልዎ ይምረጽ እዚ ኸኣ ወለድ ንኸይትኸሉ ይሕግዝ። ከም ኣጋጣሚ ኩሉ ክትከፍልዎ ዓቕሚ እንተስኢንኩም ከኣ ገለ ክፋል ናይቲ እተጠቐምክሙሉ ገንዘብ ክትከ ፍልዎ ይግባእ:: ብሓፈሻ ግና ክረዲት ካርድ ምህላው ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፡ ብፍላይ ብኢንተርነት ኦንላይን ንዝግዛእ ነገራትን፡ ንቐጻሊ ገዛ ንምግዛእን ኣዝዩ ሓጋዚ ስለ ዝኸውን።






# <u>ንሓደስቲ ዝሕግዙ ትካላት (ዝተፈላለየ ሓገዝን ሓበሬታን ብምሃብ)</u>

ሓደስቲ ሰባት ነዘን ኣብ ታሕቲ ዘለዋ ትካላት ክፈልጥወንን ብኣካል ከይዶም ነቶም ዝምልከቶም ሰባት ክረኽብዎምን ኣዝዩ ጠቃሚ እዩ::

**ኣድራሻ፥ 10720 113 Street NW**

ገለ ካብ **ኤድመንተን ናይ ስደተኛታት ኣገልግሎት ማሕበር** እንረኽቦም ሓገዛት

- ካብ ዝተፈላለየ ቓንቃታት ናይ ምትሩጓም ዶክመንት ኣገልግሎት፡
- ናይ ሓደስቲ ጎረባብቲ ምልላይ ኣገልግሎት፡
- ንናይ ካናዳ ዜግነት ንምድላው ዝሕግዝ ክላስ፡
- ንሓደስቲ መጻእቲ ዝወሃብ ሓበሬታን ሓገዛትን ኣብ ዝተፈላለያ ናይ ካቶሊክን ናይ ህዝባዊ ቤት ትምህርታት ከምኡ’ውን ኣብ ህዝባዊ ላይብረርታት ምርካብ፡

ኣድራሻ፥ **8212 118 Avenue, Edmonton**

ገለ ካብ **ካቶሊክ ሶሻል ሰርቪስ** እንረኽቦም ሓገዛት፥

- ንትምህርቲ ዝምልከት ሓበሬታ፡
- መርመራ ናይ ቋንቋ እንግሊዘኛ፡
- ልምምድ ቋንቋ እንግሊዘኛ፡
- ሓበሬት ብዛዕባ ናይ መንግስታዊ ቅጥዕታት (Forms) ከመይ ከም ዝምላእ፡
- ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቆልዑ ኣብ ክልተ ባህልታት፡
- ስራሕ ንምርካብ ሓበሬታ ምሃብ፡

ኣድራሻ፥ **11713 82 Street, Edmonton**

**<u>ገለ ካብ መኖናይት ሰንተር ፎር ኒው ካመርስ እንረኽቦም ሓገዛት:</u>**

- ንትምህርቲ ዝምልከት ሓበሬታ (ESL class)
- መንግስታዊ ቅጥዕታት (Forms) ከመይ ከምዝምላእ
- ዶክመንት ዝትርጎምን ወግዓዊ ማሕተም ምግባርን (Commissioner of Oath)
- ረዙመ (Resume) ምድላውን ስራሕ ንምርካብ ሐበሬታ ብምሃብ፡

ኣድራሻ፣ **9538 107 Avenue, Edmonton**

<u>ካብ **ማልቲካልቸራል ብሮከርስ** እንረኽቦም ሓገዛት:</u>

እዚ ትካል ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ ተበሂሉ ዝቖመ ኮይኑ፡ ዝተፈላለየ ጠቓሚ ምኽርታትን ሓገዛትን ስለ ዘለዎ: ቀዲምክን ቆጸራ ብምሓዝ ክትውከሳኦም ትኽእላ:: ትግርኛ ዝዛረባ ሰራሕተኛታት ስለ ዘለወን ከኣ ናይ ቋንቋ ጸገም ኣይከጋጥመክንን እዩ::

ኣድራሻ፣ **#402, 10909 Jasper Ave Edmonton**

***<u>ገለ ካብ ኢምፕሎይ ኣቢሊቴስ እንረኽቦም ሓገዛት</u>***

- ንስራሕ ንምድላው ዝሕግዝ ሓጸርቲ ኮርሳት (ዕድሚኦም ትሕቲ 30 ንዝኾኑ)
- እዚ እናተመሃርካ ክፍሊት ክህልዎ ተኽእሎ ኣለዎ፡
- በዚ ኸኣ ስራሕ ንምርካብ ዝውሃብ ሓገዛት ክርከብ ይከኣል።

ኣድራሻ፣ Suite 106 6770 - 129 Ave NW Edmonton, AB T5C 1V7

***<u>ገለ ካብ ኣፍሪቃ ሰንተር እንረኽቦም ሓገዛት፥</u>***

- ናይ መንእሰያት ፕሮግራማት፡
- ናይ ዓበይቲ (ኣረገውቶት) ፕሮግራማት፡
- ናይ ደቀንስትዮ ተሳታፍነት ንምሕያል ዝሕግዝ ፕሮግራም፡
- ናይ ስኮላርሽብ ፕሮግራም፡
- ናይ ቅድመ ስራሕ ዝውሃብ ሓበሬታታት፡ ሓጸርቲ ኮርሳትን (ምርካብ ይከኣል)።

# ግዝያዊ ናይ መግቢ ሓገዝ ምስ እንደሊ (Food Bank)

ምናልባት ቁሩብ ተሸጊርና ንግዚኡ ዝኸውን ናይ ደረቕ መግቢ ሓገዝ ምስ እንደሊ፣ እዚ ‘’ፉድ ባንክ (Food bank) ዝበሃል ትካል’’ ብነጻ ዝሕግዝ ትካል እዩ ።

EDMONTON’S FOODBANK

- ፉድ ባንክ (Food bank) ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናይ ኤድመንተን ትካል ስለ ዘለዎም : ዝቐረበና ትካል ንምርካብ ኣብ ጉግል (Google) ንድለዩ::
- ሓንሳብ ምስ ተመዝገብና ወርሓዊ ወይ ከኣ ክልተ- ሰሙናዊ መሻርፍ ክህቡና ይኽእሉ እዮም ።
- እዚ ሓገዝ እዚ ግዝያዊ ክሳብ እግሪ ንተኽል እምበር ነባሪ ሓገዝ ኣይኮነን ።



# ዝጎደለና ኣቁሑ ገዛ ብነጻ ወይ ድማ ብሕሱር ዝህቡ ትካላት

ዝጎደለና ኣቕሑ ገዛን ክዳውንትን ከም ግዝያዊ ፍታሕ ብነጻ ዝህቡ ኣብዚ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ትካላትን ግለ ሰባትን ክንውከስ ንኽእል ኢና ።





SOCIETY OF SAINT VINCENT DE PAUL EDMONTON AREA

ኣድራሻ : 10804 – 109 Street, Edmonton

ቴሌ : 780 – 417 – 5577.

**ነዚ ኣገልግሎት ንምርካብ ከኣ ቴሌፎን ቀዲምካ ብምድዋል ቆጸራ ምሓዝ ከድልየና ምኺኑ ኣይንረስዕ ።**




ኣብቲ ንጥቀመሉ ፈይስቡክ ኣቲና ናብ ናይ ዕዳጋ በታ ብምጥዋቕ ብነጻ ንዝብል መሪጽና፡ ኣብኡ ዘድልየና ኣቕሑት ደሊና ክንረክብ ንኽእል ኢና። ድሕሪኡ ምስቶም ሰባት ብምጽሕሓፍ ብኸመይ መገዲ ነቲ ንብረት ናብ ገዛ ነምጽኦ ባዕልና ንውስን።




ተመሳሳሊ ከምቲ ናይ ፈይስቡክ ኣብዚ'ውን ኪጂጂ ኣካውንት ብምኽፋት ናብቲ ናይ ዕዳጋ በታ ብምጥዋቕ ብነጻ ንዝብል መሪጽና፡ ኣብኡ ዘድልየና ኣቁሑት ደሊና ክንረክብ ንኽእል ኢና። ድሕሪኡ ምስቶም ሰባት ብምዝርራብ ብኸመይ መገዲ ነቲ ንብረት ናብ ገዛና ነምጽኦ ባዕልና ንውስን።

**መጠንቀቕታ**፡- እዚ ክንገብር ከሎና ግና ኣብ ገለ ገለ በታታት **ቱኻን** ወይ **ዱዱዕ** ክርከብ ስለ ዝኽእል ብዝበለጸ ካብ ኣፓርትማ (ፐላሶ) እንተ ዘይኮነ ይምረጽ ንብል።

# <u>ብሕሱር ዋጋ ክዳውንትን ኣቑሑን  ዝሸጡ ትካላት (Second Hand)</u>

እዞም ኣብዚ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ትካላትን መርበብ ሓበሬታን: ብሕሱር ዋጋ ኣቑሑ ገዛን ክዳውንትን ዝሸጡ እዮም ። ኣብ ጥቓና ዘሎ ትካል ንምርካብ ኣብ ኢንተርነት (Search) ብምግባር ክንውከስ ንኽእል ኢና ። ሰዓት ክንደይ ይኸፍቱ ፧ እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ይህቡ ፧ ኣብ መርበብ ሓበሬታኦም ብሰፊሑ ክንረኽቦ ከኣ ንኽእል ።

Value Village
Good deeds. Great deals.

The Salvation Army
DOING THE MOST GOOD

Habitat for Humanity Edmonton

Goodwill Industries of Alberta

**ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናይ  ኤድመንትን ስቶር ስለ ዘለዎም: ዝቐርበና ስቶር ንምርካብ ኣብ ጉግል (Google) ብምኽድ ምድላይ ይከኣል።**

# ህጹጽ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ምስ እንደሊ (ኣብ ፍሉይ ኩነታት)

እዋናዊ ናይ ገንዘብ ጸገም ምስ ዘጋጥመና : መንግስቲ ግዝያዊ ፍታሕ ክገብረልና ይኽእል እዩ :: ኣብዚ ታሕቲ ሰፊሩ ብዘሎ ኣድራሻ ብምውካስ፡ ምልክታ ኣእቲኹም ሓገዝ ክትረክቡ ትኽእሉ ። እዚ ግና ብናይ ግሊ ስፖንሰር ንዝመጻእኩም እቲ ናይ ስፖንሰር ሓላፍነት (ሓደ ዓመት) ከይተወድአ ከተመልክቱ ኣይፍቐደልኩምን እዩ : ምኽንያቱ ክሳዕ ሓደ ዓመት እትገብሩ ሓላፍነት ዝወስድ ሰብ: እቲ ስፖንሰር ዝገበረልኩም ሰብ ስለ ዝኾነ ። ካብታ ንካናዳ ዝኣተኹሙላ ድሕሪ ሓደ ዓመት ግና ከተመልክቱ ትኽእሉ።

ኣብ ኤድመንተን ዘሎ ቤት ጽሕፈት
10242-105 Street
Edmonton AB T5J 3L5
ቴሌፎን: 780-644-9992

## Contact Us

Find Alberta Works and Alberta Supports Centre locations

### 24-hour Emergency Income Support Contact Centre

Albertans can call the Income Support Contact Centre 24-hours-a-day throughout the year to get help in an emergency with basic needs like shelter, food, clothing and transportation.

| | |
|---|---|
| Phone: | 780-644-5135 (Edmonton area) |
| Toll Free Phone: | 1-866-644-5135 |
| Fax: | 780-422-9681 |
| Email: | hs.iscc@gov.ab.ca |
| **Hours of Operation:** | 24 hours a day, 7 days a week |

### Alberta Supports Contact Centre

Call for information and referrals to more than 120 social benefits and services for seniors, work or training, income support, disabilities, bullying, family violence, homelessness and more.

| | |
|---|---|
| Phone: | 780-644-9992 in Edmonton |
| Toll Free Phone: | 1-877-644-9992 |
| Fax: | 780-422-9681 |
| Email: | hs.ascc@gov.ab.ca |
| **Hours of Operation:** | Monday to Friday, 7:30 a.m. to 8:00 p.m. |

# ሕክምና ዓይኒ (Eye Exam): ሕክምና ስኒ (Dental Services)

ናይ ኣልበርታ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ናይ ዓይኒን ስንን ሕክምና ኣይሽፍንን እዩ:: ንዓይኒ ወይ ከኣ ንስኒ ዝምልከት ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ተወከሱ::

**<u>ናይ ዓይኒ:</u>** ንሓድሽቲ ሰባት (ቅድሚ ሓደ ዓመት ዘሎ እዋን) ብናይ መንግሰቲ ካናዳ ዝሸፈን ኢንሹራንስ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ቆጸራ ብምሓዝ ሕክምና ክትረኽቡ ትኽእሉ ።

EYE MASTERS
EDMONTON FAMILY EYE CARE

| Clearwater Eye Masters<br>Family Eye Care<br>15311 – 97 Street NW<br>Edmonton<br>Tel: 780 249 9955 | **ወይ ድማ** | Kennedale Eye Masters<br>Family Eye Care<br>13042 – 50 Street NW<br>Edmonton<br>Tel: 780 479 5599 |
|---|---|---|

**<u>ናይ ስኒ:</u>** ስንኹም ንምሕካም (ንምሕጻብን ንምምላእን) ከኣ ኣብ ካልእ በታ ክቡር ስለ ዝኮነ ናብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ቆጸራ ብምሓዝ ሕክምና ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም::

## FINDING A DENTIST

Alberta Health Care insurance does not pay for dental care. Most people receive dental care from private dental clinics. Some private or employee insurance plans pay for some dental services. If you don't have one of these insurance plans you must pay for your own dental services.

To find a dentist you can search "find a dentist in Edmonton" on the internet.

## Low cost dental services

There are two teaching clinics in Edmonton that provide low cost dental care to the public. The services are provided by the dental students with supervision of a registered dental professional.

**NAIT Dental Clinic**
Phone: 780.471.7786
*Website: www.nait.ca > Dental Clinic*

**University of Alberta Dental Clinic**
Phone: 780-407-5550
*Website: www.dentistry.ualberta.ca > Patient Care*

**Canadian Association of Public Health Dentristy (CAPHD)**
There are many other dental clinics throughout Edmonton. You can find a list of clinics through the CAPHD website.
*Website: www.caphd.ca > Programs and Resources > Government Dental Programs > Alberta*

# መጓዓዝያ ብዝምልከት

ኣብ ኤድመንተን ናይ ገዛእ ርእስኻ መኪና ምሓዝ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ። ብፍላይ ቆልዑ ዘለኹም ወይ ከኣ ኣብ ርሕቅ ዝበለ ከባቢ እንተድኣ ስራሕ ረኺብኩም መኪና ናይ ግድን ከተድልየኩም እያ:: መኪና ክሳብ ትገዝኡ ንግዚኡ ባቡር : ኣውቶቡስ ወይ ከኣ ኣብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኩነታት ታክሲ ክትጽውዑ ትኽእሉ ኢኹም።








ባቡር ወይ ከኣ ኣውቶቡስ ብብዝሒ እንተድኣ ክትጥቀሙ ደሊኹም ፡ ንሓደስቲ መጻእትን ንትሑት ኣታዊ ዘለዎምን ብምምሕዳር ከተማ ኤድመንተን ብርትዓዊ ዋጋ ከባቢ **($35)** ዝውሃብ ወርሓዊ ናይ ኣውቶቡስ ካርድ ኣሎ፡ ናብ ምምሕዳር ከተማ ኤድመንተን ከተመልኽቱ ትኽእሉ ኢኹም። ዝርከበሉ ቦታ ንምርካብ ከኣ ንቀረባ ሰብኩም ክትውከስዎ ትኽእሉ።

## መምርሒ ፍቃድ መኪና

ፍቃድ መዘወሪ መኪና (Driving License) ንምርካብ ብቐልጡፍ ኣብ ኦንላይን ዝጽናዕ ከተጽንዑ ትኽእሉ። ነዚ ንምግባር ከኣ ቀዲምኩም ንእትፈልጥዎ ሰብ ምሕታት ይከኣል። ብድሕርዚ ኣብ ጥቓኹም ናብ ዘሎ ረጅስትሪ (Registry) ብምኻድ ናይ ጽሑፍ ፈተና ተፈቲንኩም ፍቓድ መዘወሪ መኪና ከተውጹኡ ትኽእሉ። እቲ መጀመርታ ዝውሃበኩም ፍቓድ ከኣ ክላስ 7 (Class 7) ይበሃል ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ከኣ ናይ ተግባር ፈተና ምስ ሓለፍኩም ክላስ 5 (Class 5 GDL) ይወሃበኩም ።




ቅድሚ ሕጂ ካብ ዝኮነ ሃገር ፍቓድ መዘወሪ መኪና (Driving License) ሒዝኩም እንተ ድኣ መጺእኩም ግና፡ ዓመት ካብ ምጽባይ ስለ ዘድሕነኩም ነቶም ረጅስትሪ (Registry) ሓብርዎም፡

# ምዕዳግ መኪና ዝምልከት

መኪና ክትገዝኡ ምስ እትደልዩ ብዝሓሰረ ዋጋ ኣብ www.kijiji.ca/edmonton ወይ **Facebook Marketplace** ወይ ከኣ ሰባት ብምጥያቅ ድሓን ዝኾነት መኪና በቲ ትደልይዎ ዋጋ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ንቆልዑ ዝምልከት መንግስታዊ ሓገዝ (Child Benefit and Education)

መንግስቲ ካናዳ ንኹሎም ትሕቲ 18 ዕድመ ዘለዉ ቖልዑ ዝኸውን ሓገዝ ንስደራቤት ይህብ እዩ::

ናይዚ ኣገልግሎት ተጠቀምቲ ንምኻን ከኣ ንካናዳ እትው ምስ በልኩም ምምልካት ከድልየኩም እዩ::

ነዚ መመልኽቲ (Application Form) ብነጻ ንምምላእ ዝሕግዙ ብዙሓት ትካላት ስለ ዘለዉ ኸኣ (ኣብ ገጽ 10ን 11ን ተዘርዚሮም ንዘለዎ ብምውካስ ሓገዝ ክትረክቡ ትኽእሉ)።

### Canada child benefit - Overview

1. Overview
2. Before you apply
3. How to apply
4. After you apply
5. How we calculate your CCB

#### Overview

The Canada child benefit (CCB) is a **tax-free** monthly payment made to eligible families to help them with the cost of raising children under 18 years of age. The CCB might include the child disability benefit and any related provincial and territorial programs.

## ንቖልዑ ኮሌጅ መምሃሪ ዝኸውን ገንዘብ ምቑጣብ

ንኹሎም ትሕቲ ዕድመ ዘለዉ ቖልዑ ንትምህርቲ ኮሌጅ ኢልና ገንዘብ ኣብ ባንክ ምስ እነቐምጠሎም: መንግስቲ ካናዳ ከኣ **20%** ናይቲ ነቐምጦ ብምውሳኽ ናይ ኩሉ ዓመታት ተዋህሊሉ ክሳብ **$7200** ዝበጽሕ ናብቲ ዝኸፈትናዮ ባንክ ይውስኸልና እዩ። ዝበለጸ ሓበሬታ ንምርካብ ከኣ ንመቕርብና ወይ ንኽፍሊ መንግስታውን ማሕበራውን ጉዳያት እዛ ማሕበር ምውካስ ይከኣል።

# ስራሕ ንምርካብ ክንገብሮም ዘሎና ነገራት (Job Search)

ስራሕ ምርካብ መጀመርታ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ ። ሓደ ሓደ ምኽርታት ስራሕ ንምርካብ ክንገብሮም ዘሎና ነገራት ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ምውካስ ይከኣል።

- እቲ ቀዳማይ ክንገብሮ ዘሎና ነገር ጽቡቕን ጽፉፍን ረዘመ (Resume) ምድላው እዩ ። ረዘመ (Resume) ብነጻ ንምድላው ዝሕግዙ ትካላት ስለ ዘለዉ ፡ ነዚኣቶም ንምርካብ (ኣብ ገጽ 10ን 11ን ተዘርዚሮም ዘለዎ ምውካስ ይከኣል) ።

- መብዛሕቱ ግዜ እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ስራሕ ንምርካብ ሰባት ምሕታት እዩ ።

ስራሕ ንምምልካት ዝሕግዙና ብዙሓት ናይ ሓበሬታ መርበባት (Job Search Websites) ኣለዉ:: ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ ገለ ካብኣቶም ምኺኖም ኣይንረስዕ፡

- Kijiji Job Search : http://www.kijiji.ca/b-jobs/edmonton/
- Search Google for Job Bank: https://www.jobbank.gc.ca/home-eng.do? lang=eng
- Search Google for Workopolis:http://www.workopolis.com/jobsearch/jobs-in edmonton-alberta
- Search Google for Indeed: https://ca.indeed.com/jobs-in-Edmonton,-ABS
- Search Google for express professionals: Home - Express Jobs in Edmonton, AB (expresspros.com)
- Search Google for Manpower: Edmonton Employment Agency Here To Help You Find Work | Manpower (manpowerab.com)

- ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ናብቲ ትካል ብኣካል ብምኻድ ምሕታት ሓጋዚ ምኻኑ ኣይንረስዕ፡

- ገለ ገለ ካብቶም ንስራሕ ዝሕግዙ ኤጀንስታት ኣብ ታሕቲ ተመልኺቱ፥-




BGS Career & Corporate Development

BGS Career Ventures

#310, 10665 Jasper Avenue
Edmonton, AB T5J 3S9

Phone: (780) 425-6655
Fax: (780) 425-5666
Email: bgs@bgscareerventures.com

Amity House

Dickinsfield Amity House
9213 - 146 Avenue NW
Edmonton, Alberta T5E 2J9
Phone: (780) 478-5022
Fax: (780) 473-8979

Bredin Centre for Career Advancement

Phone: 780-425-3730
Email: bredin@bredin.ca
10th Floor CN Tower,
10004–104 Avenue NW,
Edmonton, AB
T5J 0K1




12220 Stony Plain Road Northwest Suite 103, Edmonton AB T5N 3Y4

780-484-5454

Manpower

10031 – 101 Street NW
Edmonton, Alberta T5J 0H9
E: edmonton.ab@manpower.com
T: 780-420-0110

# ምሽማት ኣስቤዛ፡ ክዳውንትን ኣቑሑን (Shopping)

ዝሓሸ ርትዓዊ ብዝኾነ ዋጋ ኣስቤዛን ክዳውንትን ንምግዛእ ኣበይ ክንከዶም ዝግበኣና፥
ዎል ማርት (Walmart)፡ ሱፐር ስቶርን (Super Store)፡ ኖፍሪስን (Nofrills)፡ እዚኣቶም ብርትዓዊ ዋጋ ክንገዝኣሎም እንኽእል ትካላት እዮም። ብምሕታት ወይ ጉጉል ብምግባር ከኣ ኣብ ቀረባና ክንረኽቦም ንኽእል።

**ካልኦት ቁሩብ ክብር ዝበሉ ከኣ እዞም ዝስዕቡ ትካላት ኣለዉ፥**

Save on Food (ሰይፍ ኦን ፉድ):

ናይ ምግቢ ኣስቤዛ ዝግበሮ ትካል::

Safeway (ሰይፍ ወይ): ናይ ምግቢ ኣስቤዛ ዝግበሮ ትካል::

Canadian Tire (ካናዲያን ታየር): ኣቑሑን ናይ መኪና መለዋወጥን ዝሸየጦ ትካል::

## ነጻ ኣገልግሎት ስፖርትን መዘናግዕን ቦታታት (City of Edmonton)

ምምሕዳር ከተማ ኤድመንተን (City of Edmonton) ትሑት ኣታዊ ንዘለዎም ሓድስቲ ቤተሰብ: ነጻ ኣገልግሎት ስፖርትን መዘናግዒ ቦታታትን ኣለዎም::




- ምምሕዳር ከተማ ኤድመንተን (City of Edmonton) ዝውንኖም ብዙሓት ናይ ስፖርት (ምውስዋስ ኣካላት: ጅምናዝየም: መሐንበሲ) ትካላትን መዘናግዒ ቦታታትን ኣለዉዎ::

- ምምሕዳር ከተማ ኤድመንተን ሓደስቲ ንዝመጹን ትሑት ኣታዊ ንዘለዎም ቤተሰብን: ኣብዞም ትካላት ነጻ ኣገልግሎት ክረኽቡ የፍቅድ እዩ::ብፍላይ ቆልዑ ደቅኹም ናይዚ ኣገልግሎት ተጠቐምቲ ክኾኑ ጽቡቕ እዩ ::

- ነዚ ኣገልግሎት ንምርካብ ኣብ ጥቓኩም ዘሎ ብከተማ ኤድመንተን ዝውነን ናይ ስፓርት ጅምናዥዩም ቦታ ብምኻድ: መመልከቲ መሊእኩም (Application Form) ናይዚ ኣገልግሎት ተጠቀምቲ ክትኮኑ ይከኣል እዩ:: ንዝያዳ ሓበሬታ ድማ **<u>311</u>** ብምድዋል ብዛዕባ'ዚ ኣገልግሎት ምስቲ ዘለኹሞ ኩነታት ዝዛመድ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ተወሳኺ ሓበሬታ : ዓዲ ምስ ለመድኩም ክትፈልጥዎ ዘለኩም ነገራት

እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ሓደ ሓደ ኣገደስቲ ነገራት ወይ ከኣ ኣገደስቲ ሓበሬታታት: ዓዲ ምስ ለመድኩም፡ ንቤተሰብ ወይ ከኣ ኣሕዋት ሓቲትኩም ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኩም ።

- ስድራ ንዝኾኑ ቤተሰብ መንግሰቲ ብሕሱር ዋጋ ብዙሕ ክፍልታት ዘለዎ ጽቡቅ ዝኮነ ገዛ ክራይ ይህብ እዩ ። ቅድሚ ሕጂ ናይዚ ኣገልግሎት ተጠቀምቲ ዝኾኑ ኣሕዋት ሓቲትኩም ዝበለጸ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ።

- ዓዲ ምስ ለመድኩም ናይ ገዛእ ርእስኩም ንእሽቶ ትካል (እንዳ ድኳንመሰሊ) ክትገብሩ ሓሳብ እንተኣለኩም ሰባት ኣጣይቕኩም ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፡

- ትምህርቲ ክትመሃሩ ወይ ከኣ ቅድሚ ሕጂ ዝተመሃርክምዎ ከትቅጽሉ እንተድኣ ደሊኹም: ካብ መንግስቲ ናይ ገንዘብ ሓግዝ ወይ ከኣ ልቓሕ ብምሕታት ክትምሃሩ ይከኣል እዩ ።
- ኣብዚ ዓዲ ምስ ኣቶኻ ንዝቕጽል ዓመት ኣብ ወርሒ ሰለስተን ኣርባዕተን ልዕሊ 18 ዕድመ ዝኾነ ዘበለ ኩሉ (ይሰራሕ ኣይሰራሕ ብዘየገድስ) ኢንካም ታክስ ዝበሃል ከስርሕ ከም ዝግባእ ነፍሲ ወከፍ ክፈልጥ ይግባእ እዩ። ነዚ ከመይ ከም እትገብር ንምፍላጥ ድማ ኣብ ካናዳ ቅድሜኻ ንዝጸንሓ ወይ ንበዓል ሙያ ዝኾነ ሰብ ምውካስ ይከኣል እዩ።

# ኩሉ ይከኣል እዩ

ኩሉ ይከኣል እዩ፡ ምስ ኣምላኽ ኣይከኣልን እዩ ዝብሃል የለን። ስለዚ ኣይከኣልን እዩ ዝበሃል ድምጺ ኣብ ኣእምሮኻ ኣይተስተናግድ፡ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ‘’በቲ ዝህበኒ ሓይሊ ንኹሉ እኽእሎየ ዝበለ’’ ንስኻውን ኣብ ኣምላኽ ተወኺልካ ‘’ብኣምላኽይ ንኹሉ እኽእሎየ በል’’ ብርግጽ ድማ ክትክእሎ ኢኻ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

**ክቡራት ኣጋይሽና ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ እትደልዩ ብዘይ ስክፍታ ነዚ መሪሕነት ክፍሊ መንግስታውን ማሕበራውን ጉዳያት ናይዛ ማሕበር በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስልኪ ክትውከሱ ከም እትኽእሉ ንሕብር፡ ብወገና’ውን ከነገልግለኩም ሎሚ ኮነ ጽባሕ ድሉዋት ምኳና ብሓጎስ ነበስረኩም።**

## እግዚኣብሔር ነዛ መጺእኹምዋ ዘለኹም ሃገር ወረስታ ይግበርኩም !

**ከሰተ ወረደ**

**(780-318-4835)**

**ዶ/ር ሚኪኤለ ሃብተዮናስ**

**(587-785-4203)**